## ናይ ስደተኛ ኩነታት እንተድኣረኺብካ ዝፍጸሙ ቀጻልቲ ከይድታት

ናይ ስደተኛ ኩነታት ወይ ሰብኣዊ ሓለዋ እንተድኣለካ ክትገብሮ እትኽእል:

- ስራሕ
- ብውልቀ ምክራይ
- ጥቕምታት ምሕታት
- ንናይ ካውንስል መንበሪታት ምምልካት

ኣብ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባኻ ካብ ቤት ጽሕፈት (Home Office) ውሽጣዊ ጉዳያ ኣወንታዊ ውሳነ ምርካብካ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ኣቢሉ ፎተኻ ዘለዎ ወግዓዊ ሰነድ ኢሚግሬሽንክትረክብ ኢኻ፡፡

እዚ ድማ ባዮሜትሪክ ፍቓድ መንበሪ ይበሃል፡፡ ንህዝባዊ ፈንድታት ሪኮርስ' ከምዘለካ የረጋግጽ፡፡ ንጥቕምታት ክትሓትትን ናይ መንበሪ ሓገዝ ክተመልክትን ከምእትኽእል ዘረጋግጽ እዩ፡፡

## ናይ መንበሪ ኣልቦነት ምምልካት

ናይ ስደተኛ ኩነታት ምስ ረኸብካ ካብ መንበሪ ዑቕባ ክትወጽእ ምልክታ ክበጽሓካ እዩ (እዚ ካብ 7 ክሳብ 28 መዓልታት ምልክታ ክኸውን ይኽእል)።

እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ከባቢ እቲ መንበሪ ፍቓድካ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

ክትለቅቕ ምስተነገረካ ናብ ከባቢያዊ ካውንስል ናይ መንበሪ ኣልቦ ምምልካት ትኽእልኢኻ፡፡

# ናብ ኣየናይ ካውንስል ምምልካት ትኽእል?

ናብ ዝኾነ ካውንስል ምምልካት ትኽእል፡፡

ናይ ከባቢኻ ምትእስሳር እንተዘይብልካ ናብ ካልእ ካውንስል ሪፈር ክትበሃል ትኽእል ኢኻ።

ናይ ከባቢዊ ኮኔክሽን ዝህልወካ እንተድኣ:

- ኣብቲ ከባቢ ኣብ ናይ ዑቕባ መንበሪ ትንበር እንተድኣኮይንካ

ናይ ከባቢ ርክብ ምስ ሓደ ቤት ምኽሪ ንምርካብ ካልኦት ኣገባባት እዮም፤ ብኽብረትካ ምኽሪ ንምርካብ ናብ መዕቀቢብቁጽሪ ቴሌፎን 0344 515 2000 (ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ ካብ ሰዓት 9 ኤኤም–6 ፒኤም) ደውል ወይ ድማ ናብ info@shelter.org.uk ኢመይል ግበር፡፡

**ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ካውንስል:**

ብሪስቶል ሲቲ ካውንስል (BRISTOL CITY COUNCIL)

100 Temple Street, 100 Temple St, Redcliffe, Bristol BS1 6AG

0117 352 6800

ደቡብ ግሎስተርሻየር ካውንስል (SOUTH GLOUCESTERSHIRE COUNCIL)

01454 868005 ካብ 8.45ኤኤም-5ፒኤም ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ከምኡ እውን ዓርቢ8.45ኤኤም-4.30ፒኤም

One Stop Kingswood Kingswood Civic Centre, High Street, Kingswood, Bristol, BS15 9TR

ሰሜን ሰመርሴት ካውንስል (NORTH SOMERSET COUNCIL)

01934 426 330

HP.Triage@n-somerset.gov.uk

መብዛሕትኦም ካውንስላት ብዙሕ መንበሪ ዝጽበዩ ሰባት ኣለውዎም፡፡ ኣብ ፈለማ እዋን ብውልቀኻ ክትካረ ትኽውን ኢኻ፡፡

ለንደንን ደቡብ ዓዲ እንግሊዝን ካብ ካልኦት ከባቢታት ዝበዝሐ ገዛ ክራይ ኣለወን።

## እቲ ካውንስል ከመይ ይሕግዝ?

እቲ ካውንስል መንበሪ ኣልቦ ኮይካ ቀዳምነት ዝውሃበካ ኢኻ ኢሉ እንተድኣሚኑ ናይ ህጹጽ መንበሪ ምርካብ ትኽእል፡፡

ኩሉ ጊዜ ቀዳምነት ትረክብ እንተድኣ ኮይንካ:

- ምሳኻ ህጻናት ዝብሩ እንተድኣኮይኖም
- ጥንስቲ እንተድኣኮይንኪ
- ከባቢያዊ ጥቕዓት ከጋጥመካ ዝኽእል እንተድኣኮይኑ
- ትሕቲ 21 ዓመት ዕድመ ኮይንካ ወዲ 16 ወይ 17 ዓመት ከለኻ ድማ ብማሕበራዊ ኣገልግሎት ትሕብሕብ እንተድኣነይካ

እዚኦም ዘይምልከቱኻ ኮይኖም ግና ካልእ ነገር ተቓላዒ እንተገይሩካ ቀዳምነት ደላይ ዝገብረካ ነገር ምስዝህሉ፡፡ ንኣብነት ድስክልና ወይ ናይ ጥዕና ጸገም፡፡

'ተቓላዕነት' ኣብ ሕጊ መንበሪ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ፡፡

መንበሪ ኣልቦ ኮይንካ ካብ መብዛሕትኦም ሰባት ኣዝዩ ዝያዳ ተቓላዕቲ ምኾንካ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ድማ ዝያዳ ጉድኣት ከጋጥመካ ተኽእሎ ከምዘሎ ከተርኢ ኣለካ። ናይ ሕክምና ደብዳቤታት ምስዝህልወካ ናብ ከባቢያዊ ካውንስል ውሰዶም፡፡

**ኣብ ዝኾነ ቦታ ንዝድቅሱ ሰባት ዝውሃቡ ኣገልግሎታት**

**ቅዱስ መንጎስ: (St Mungos)** ነቲ ጉጅለ ብቁጽሪ ቴሌፎን 0117 407 0330 ሰኑይ-ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ኤኤም – 5 ፒኤም ወይ ብኢመይል ብ bristolspot@mungos.org ምርካብ ትኽእል፤ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዝኾነ ቦታ ትድቅስ ምስትህሉ እሞ ኣባል ናይ ኣውትሪች ጉጅለ ክትረክብ እንተድኣደሊ ጋ ኣብ ኒው ስትሪት ንሓደ ካብቶም ድሮፕ-ኢናትና ሰኑይን ሓሙስን ካብ ሰዓት 4ኤም-12ፒኤም ክትመጽእትኽእል ኢኻ: 1 New Street, Bristol, BS2 9DX

**ስፕሪንግ ኦፍ ሆፕ ንደቂ ኣንስትዮ:-** ቴሌፎን፡ 0117 405 7121 ኢመይል፡- springofhope@inhope.uk

# ንጥቕምታት ከመይ ምምልካት ይከኣል

እንተድኣይ ገንዘብ ዘይሃልዩካ ወይ ኣታዊኻ ትሑት እንተኾይኑ ንዩቨርሳል ክረዲት ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

ናይ ስደተኛ ኩነታት ምስረኸብካ ኣመልክት፡፡ ብኦንላይን ኣብ https://www.gov.uk/universal-credit/how-to-claim ምልካት ትኽእል

ፈላማይ ዩኒቨርሳል ክረዲት ክፍሊት እንተውሓደ 5 ሰሙናት ይወስድ፡፡

ጥቕምታት ንምሕታት ሃገራዊ ቁጽሪ ኢንሹራንስ የድልየካ እዩ። እዚ ኣብ ድሕሪት ናይቲ ባዮሜትሪክ መንበሪ ፍቓድካ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

## ንምጥራዕ ካብ ሲቲዝንስ ኣድቫይስ ሓገዝ (Citizens Advice)

ሲቲዝንስ ኣድቫይስ ንዩኒቨርሳል ክረዲት ንክተመልክት ዝሕግዘካ ናይ ረድኤት ትካል እዩ፡፡

ምኽሪ ንምርካብ ንሓገዝ (Help to Claim) ብ **0800 144 8 444** ደውል

ብኻልእ ቋንቋ ምኽሪ እንተድኣ ደሊኻ ተርጓሚ ሕተት።

## ክንደይ ዝኣክል ትረክብ

ዩኒቨርሳል ክረዲት ስታንዳርድ ድጎማን ካልእ ንዓኻ ተወሳኺ መጠንን ኣለዎ:

- ንእትነብረሉ ክፍሊት ክራይ
- ናይ ህጻናትን ክንክን ህጻንን ወጻኢታት
- ካብ ምንቅስቓስ ዝዓግተካ ድስክልና

ካብ ሓገዝ ሓታቲ ዑቕባ ዝበለጸ ገንዘብ ትረክብ፡፡ ግና መብዛሕትኡ እዋን ካብዚ ገንዘብ ክራይን ሒሳባትን ክትከፍል ኢኻ፡፡

ዩኒቨርሳል ክረደት ብወርሓዊ ኣገባብ ይኽፈል፤ ሰሙናዊ ኣይኮነን፡፡

ስራሕ እንተጀሚርካ ወይ ካልእ ኣታዊ እንተሃልዩካ ክፍሊትካ ክንእስ እዩ።

ናይ ስደተኛ ኩነታትካ ምስ ረኸብካ ኣብ ምሕታት ጥቕምታትን መንበሪ ንምርካብ ንክተመልክትን ሓገዝ ንክተርክብ ብቕልጡፍ ናይ ስደተኛ ሓገዝ (Migrant Help) ክረኽበካ ኣለዎ፡፡

**ናይ ህጹጽ እዋን ስራሕ ጉጅለ ድሕሪ 5 ፒኤም ወይ ቀዳመሰንበት ንምድዋል**

ንውልቃዊ፣ ስድራቤታዊ ወይ ናይ መንበሪ ጸገማት ንምሕጋዝ ለይቲ ኣብ ቀዳመ ሰነብት ናይ ባንኪ በዓላትን ህጹጽ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ስራሕ እዩ።

እንታይ ይሰርሑ?

ጉጅለ ህጹጽ ግዴታ ንኣርባዕተ ሰበስልጣን ባዝን ሰሜናዊ ምብራቕ ሶመርሰትን፣ ብሪስቶል፣ ሰሜን ሶመርሰትን ሳውዝ ግሎስተርሻየርን ለይቲ፣ ኣብ ቀዳመ ሰናብትን ኣብ ዕረፍቲ ባንክን ህጹጽ ማሕበራዊ ስራሕ ኣገልግሎት ይህብ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ቅልውላው ዝበጽሑን ክሳብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ክጽበዩ ዘይክእሉን ውልቃዊ፣ ስድራቤታዊ ወይ ናይ መንበሪ ጸገማት ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

እንታይ ዓይነት ጸገማት?

- ናይ ህጻናትን መንእሰያት ጸገማት
- ካብ ስድራ ወጻኢ ብዘሎ ህጻን ምኽንያታት ዝህሉ ስክፍታታት
- ከቢድ ጸገማት ጥዕና ኣእምሮ
- ኣብ ሓደጋ ዘለው ዓበይቲ ሰባት
- ስክፍታታት ብዛዕባ ስንክልና ዘለዎ ሰብ
- ኣብ ጉዳይ መንበሪ ህጹት ምኽሪ

ብ **01454 615 165 ደውል፡፡**

ኢንግሊዝኛ ፈላማይ ቋንቋኻ እንተድኣዘይኮይኑ

እንግሊዝኛ ፈላማይ ቋንቋኻ እንተዘይኮይኑ ጉጅለ ህጹጽ ስራሕ ብዛዕባ ስክፍታታትካ ክትነግሮም ምእንታ ተርጓሚ ክነዳሉ እዩ።

ናይ ህጹጽ ስራሕ ጉጅለ ሰራሕተ ኣብ ዝህልውኻ ስክፍታታት ምሳኻ ንክመያየጥ ብጽሑፍ ክረኽበካ እዩ። እዚ ዋላ እኳ ኣብ ጽዑቕ እዋን እዚ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ ዝኽእል እንተኾነ ኣብ ውሽጢ 30 ደቓይቕ ክኸውን ኣለዎ፡፡